TIGRINYA

DeKalb County School District

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣመሓዳሪ*

Mrs. Deirdre P. Pierce፡ *ኣደ-መንበር*
Ms. Allyson Gevertz፡ *ምክትል ኣደ-መንበር*
Mr. Andrew B. Ziffer
Mrs. Whitney McGinniss
Dr. Tiffany Tate-Hogan
Mr. Diijon DaCosta, Sr.
Mr. Awet Eyasu

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

16 ጥሪ 2025

**ዝርከብ ሰብ፥**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

# ቦርድ ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Board of Education)፡ ሓደስቲ ኣደ-መንበርን ምክትል ኣደ-መንበርን መሪጹ፣ ከም ሓደስቲ ኣባላት ቦርድ ድማ መርሓባ ይብሎም

(STONE MOUNTAIN, GA)– ኣባላት ቦርድ ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ (*DCBOE*)፡ ኣብቲ 13 ጥሪ ዘካየድዎ ስሩዕ ኣኼባ ቦርድ፡ ንMrs. Deirdre P. Pierce (ወረዳ 3)፡ ከም ሓዳስ ኣደ-መንበር ቦርድ፣ ንMs. Allyson Gevertz (ወረዳ 4) ድማ ከም ምክትል ኣደ-መንበር ናይ 2025 ብምሉእ ድምጺ መሪጸምወን።

“ከም ኣደ-መንበር ቦርድና ኮይነ ንኸገልግል፡ ካብ ገዳይም መሳርሕተይን ሓደስቲ ዝተመርጹ መሳርሕተይን ምሉእ ድምጺ ብምርካበይ፡ ሓበንን ክብርን ይስምዓኒ” ብምባል Mrs. Pierce ተዛሪባ። “ኣብ ወረዳ 3 ካብ ዝርከቡ መረጽቲ ድማ ድምጺ ብምርካበይ ብማዕረ ኣመስግኖም፣ እዚ ድማ ሓንቲ ካብቶም ናይቲ ዚዓበየ ስራሕ ኣገልጋሊ መሪሕነት ኮይነ ተመሪጸ ናብቲ ስራሕ ከምዝምለስ ዝገበረኒ እዩ።”

Mrs. Pierce፡ ከም ሓዳስ ዝተመርጸት ኣደ-መንበር መጠን፡ ኣብዚ ሓድሽ መዝነት መሪሕነት ንኽትበጽሕ ንዝሓለፈቶ ጒደና ኣንጸባሪቓ።

“ናይ ዝሓለፈ ኣቦ-መንበር Chair Diijon DaCosta, Sr.ን ኣነን፡ ኣብ ዝሓለፉ ናይ ክልተ ዓመታት ናይ መሪሕነት ስራሕ ብሓባር ኳንና ብዙሕ ኣገዳሲ 'ጅማሮታት' ንኽንገብር ዕድል ነይሩና እዩ፣ ምስ ምክትል-ኣደ-መንበር Allyson Gevertz፡ ካልኦት መሳርሕተይ፡ ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Q. Horton ከምኡውን ኣብዛ ብልጽቲ ወረዳ ዝርከቡ ኣዝዩ ልዑል ክብሪ ዘለዎም ኲሎም ሰራሕተኛታትን ብምዃን ከምቲ ዝነበረነኒ ብሉጽ ናይ ስራሕ ጒዕዞ ንኽህልወኒ ብሃንቀውታ እጽበ።”

ብተመሳሳሊ፡ Ms. Gevertz፡ ካብ ብሉጻት መሳርሕታ ናይ ምትእምማን ድምጺ ብምርካባ ንዘለዎ ፍናን ገሊጻ።

“ንኽንመርሕ ኣባና እምነት ብምሕዳሮም ድማ ንቦርድ ትምህርቲ ኣመስግን” ብምባል Ms. Gevertz ተዛሪባ። “ኣዝዮም ፍሉያት ዝኾኑ ሓደስትን ነባራትን ኣባላት ቦርድ፣ ብሉጽ ዋና-ኣማሓዳርን ሓያል ተሞስጦታት ዘለዎም ተማሃሮን ኣለዉና። ን2025 ተዳሊና ኣሎና!”

ከም ውልቃዊ መዘኻኸሪ ድማ Ms. Gevertz፡ ምስ መሳርሕታን መሓዛኣን ብቐረባ ምስራሓ ክሳዕ ክንደይ ሕጉስቲ ምዃና ገሊጻ።

“ንኣስታት 20 ዓመታት ዚኸውን ግዜ ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሓት ጥብቅና ትምህርቲ ምስ Mrs. Pierce ኮይና ሰሪሔ፣ ብቕንዕናኣን ብዘለዋ ሞያትነትን ኲሉ ግዜ ምስተገረምኩ እየ። ከም ምክትል ኣደ-መንበር፡ ሓንቲ ወግዓዊት ቀኝጽሪ ሓደ ደጋፊት ብምዃነይ ክብሪ ይስምዓኒ።”

Mrs. Pierce፡ ነቲ ኣብ 2025 ከም መብጽዓ ዝኣተናዮ ሓላፉን ኣፍራይን ቦርድ ክንኮነሉ እንኽእል መድረኽ ፈጢራትልና እያ።

“እዚ ቦርድ'ዚ፡ ኲሉ ግዜ ብመንፈስ ብጻይነት ስለዝሰርሕ፡ DeKalb County School District ሓድሽ ዚኾነ ልዑል ዓወት ንኼምጽእ ብቕጻሊ ግቡእ ውክልና ኪህልዎን እቲ ዘድሊ ስራሕ ድማ ኪሰርሕን እዩ።”

ኣርባዕተ ኣባላት DCBOE፡ ነቲ ናይ ኣርባዕተ-ዓመት መዝነት ስርሖም ንኽጅምሩ ሰሉስ፡ 7 ጥሪ ማሕላ ፈጺሞም፥ Mrs. Pierce፡ Mr. Andrew B. Ziffer (ወረዳ 1)፡ Dr. Tiffany Tate-Hogan (ወረዳ 5) ከምኡውን Mr. Awet Eyasu (ወረዳ 7)።

ኣብ ጽንብል ማሕላ መዝነት ስራሕ ንዝተወሰደ ስእልታት፡ [ኣብዚ] ርኣዩ። ቪድዮ ሊንክ ናይቲ ጽንብል ማሕላ BOE ድማ [ኣብዚ] እዩ።

XXX

Robert R. Freeman Administrative Complex
1701 Mountain Industrial Blvd. | Stone Mountain, GA 30083
678.676.1200 | www.dekalbschoolsga.org